Landeshauptstadt Dresden
Integrations- und Ausländerbeauftragte

Dresden.



**ንምውህሃድ ኮርስ ንደቂ ኣንስትዮ - ሕጂ ተመዝገባ!**
ዝተፈቐርክን ደቂ ኣንስትዮ፣ ዝተፈቐርክን ኣደታት፣

ቋንቋ ጀርመን ምምሃር ንኹሉ ኣገዳሲ እዩ። ብናይ ጀርመን ቋንቋ ንስኽን ንባዕልኽን ብዝበለጸ ክትረዳድኣ፣ ከም ኣብነት ኣብ መንግስታዊ ምምሕዳራት፣ ኣብ እንዳ ሓኪም፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይድማ ኣብ መዋዕሉ ሕጻናት ክትክእለኦ ኢኽን። ቋንቋ ጀርመን ምዝራብ ብፍላይ ኣገዳሲ እዩ ንደቂ ኣንስትዮ፣ ከምዚ ገይረን ንሳተን ብዙሓት መንገድታት በይነን ከሳልጥኦ ዝኽእላ።

ሓደ ናይ ጀርመን ቋንቋ ኮርስ ፍልይ ዝበለ ንደቂ ኣንስትዮ ኣሎ። እዚ ክኣ “ናይ ደቂ ኣንስትዮ-ንምውህሃድ ኮርስ“ ተባሂሉ ዝጽዋዕ እዩ። ንሱ ሓደ ፍልይ ዝበለ ናይ ምውህሃድ ኮርስ እዩን፣ ከምኡድማ ጽቡቓት ጠቐምታት ዝህብን እዩ:

- እቲ ኮርስ ጥራይ ንደቂ ኣንስትዮ እዩ።
- ዝኾነ ሰብ ዝያዳ ግዜ ካብ ኣብ ናይ ሓፈሳዊ ናይ ምውህሃድ ኮርስን፣ ከምኡድማ ብእኡ ገርካ ዝያዳ ግዜ ንስድራቤትን፣ ዝያዳ ግዜ ንምምሃርን ኣለዎ።
- ፍልይ ዝበሉ ኣርእስትታት ከም ናይ መዋዕሉ ሕጻናትን፣ ቤት ትምህርትን፣ ናይ ምምሃር ኣገባባትን ኣብ ሃገረ ጀርመን ክብጻሕ ዝግበር ይለዓሉ እዮም፣ ምእንቲ ብእኡ ንስኽን ንደቅኽን ጽቡቕ ገርክን ክትሕግዘኦም ክትክእላ ምእንቲ።
- ንስኽን ሓቤረታታት ብዛዕባ ደገፋት ምርካብ ኣብ ጀርመን፣ ከምኡድማ ብዛዕባ ስራሕን ሞያዊ ክእለትን ክትቅበላ ኢኽን።

ምእንቲ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ-ናይ ምምውህሃድ ኮርስ ክትካፈላ፣ ንስኽን ዘድልየክን ወይ ሓደ ናይ *መሰልክን ዝምስክር ወረቐት* ንናይ ምክፋል ኣብ ሓደ ናይ ምውህሃድ ኮርስ (ዝወሃበክን ብናይ ወጻእተኛታት መንግስታዊ ምምሕዳር፣ ናይ ስራሕ ማእከልነት ወይድማ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት እዩ) ወይድማ ንስኽን ሓደ *ሓተታ ንኽፍቀደልክን* ንሓደ ናይ ምውህሃድ ኮርስ ኣብ ናይ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ንናይ ምስዳድን ዑቕባ ሓተትን(BAMF) ኣቕርባ ኢኽን። Regionalstelle Chemnitz, Otto-Schmerbach-Str. 20, 09117 Chemnitz. እዚ ግን ካብቲ ንዓኽን ዝተወሃበክን መንበሪ ዓይነት እዩ ዝውሰን።

**ኣብዞም ናይ ቋንቋ ቢት ትምህርትታት (ናይ ቋንቋ ኮርስ ተሸከምቲ)** ኣብ ዝመጽእ ንናይ ደቂ ኣንስትዮ ኮርስ ኣብ Dresden ክጅምራ እየን: *ንስኽን ንርእስኽን ብብዝሒ ብናይ ጀርመንን እንግሊዝኛን ቋንቋ ሓበሬታ ክትረኽባ ትኽእላ ተመዝገባ ወይድማ ብናይ ሓደ ተርጓሚ ገርክን ከም ትሕገዛ ግበራ ኢኽን።*

- Volkshochschule Dresden e.V. - ተለፎን (0351) 2 54 40 47
- EURO-Schulen GmbH - ተለፎን: (0351) 4 84 51 21 6 ከምኡውን (0351) 4 84 51 21 7
- LOESERnet.com GmbH - ተለፎን (0351) 4 70 16 26 2 ከምኡውን (03591) 2 70 24 1

- IB Mitte GmbH (Bildungszentrum Dresden) – Telefon (0351) 4 26 03 38 6
- Donner und Partner GmbH Sachsen - ተለፎን (0351) 4 26 03 38 6
- Grone Bildungszentrum Thüringen GmbH – Telefon (0351) 4495615
- Mitteldeutsches Institut für Qualifikation und berufliche Rehabilitation – Telefon (0351) 31293330

ኣብቲ ኢንተርነት ገጽ ናይ BAMF-NAvI ንስኽን ኩሉ ግዜ ውድዓውያን ናይ ደቂ ኣንስትዩ-ናይ ምውህሃድ ኮርሳትን፣ ከምኡውን ተወሰኽቲ ናይ ቋንቋ ኮርሳት ትረኽባ ኢኽን:
https://bamfnavi.bamf.de/de/Themen/Integrationskurse/

እንተድኣ ንስኽን ንናትክን ቆልዓ ወይድማ ናትክን ቆልዑት ሓደ ናይ መዋዕሎ ሕጻናት-ቦታ ዘድልየክን ኮይኑ፣ ብኽብረትክን ኣብቲ ናይ ማእከላይ ምምኻርን- ምርኻባትን ክፍሊ ናይቲ ምምሕዳር ንናይ ቆልዑት መዓልታዊ ኣለያ ምግባር ተመዝገባ ኢኽን (ተለፎን (0351) 4 88 50 51, ኢ-መይል kindertagesbetreuung@dresden.de) ወይድማ እቲ ናይ ብኦንለኣይን ተጠቐማ ኢኽን:
www.dresden.de/kita-anmeldung
ኣብቲ ትምዝገባሉ እዋን ድማ፣ ነቲ ልክዕ ዝኾነ ናይቲ ናይ ሰቂ ኣንስትዮ-ንምውህሃድ ኮርስ ዝጅመረሉ ግዜ ሓብራ ኢኽን!

እንተድኣ ንስኽን ጌና ሕቶታት ኣልዮምኽን ኮይኖም ድማ፣ ባዕልኽን ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ናይቲ ንምውህሃድን-ከምኡውን ንወጻእተኛታት ስልጣን ዝተውሃባ ተመዝገባ ኢኽን። ተዘራርብ ብጸይቲ ሊዛ ውሃቢ እያ፣ ተለፎን (0351) 4 88 21 32 oder ኢ-መይል lwahbi@dresden.de

እዚ ኮርስዚ ሓደ ጽቡኽ ዝኾነ ተኽእሎ እዩ፣ ቀልጢፍክን ተመዝገባ ኢኽን!

**ጉዳይ ሓታሚ**

ሓታሚት
ርእሲ ከተማ ድረስደን

ናይ ምውህሃድን- ከምኡውን ናይ ውጻእተኛታት ሓላፍነት ዝተሰከመትን
ተለፎን (03 51) 4 88 21 31
ኢመይል auslaenderbeauftragte@dresden.de

Postfach 12 00 20
01001 Dresden
www.dresden.de
www.facebook.com/stadt.dresden

ማእከላይ ምሕደራዊ ቁጽሪ ተለፎን 115 – ሕቶታት ንፈቱ ኢና!

አዳላዊት ሊዛ ወሃቢ

አውጉ□ት 2023

ብቑዓት ኤለክትሮኒካውያን ዶኩሜንትታት ምስ ክታሞም ፎርም ብምምላእ ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። ካብኡ ሓሊፉ ብ ኤስ ሚመ ሰርቲፊኬት ዝተመስጠረ ኢመይል ወይድማ ብደኤ መይል አቢልካ ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ናብታ አውራጃዊት ርእሲ ከተማ ድረስደን ክልአኽ ይኽእል። ተወሳኺ ሓበሬታታት እንሆ፤
www.dresden.de/kontakt

እዚ ናይ ናውቲ ሓበሬታ ክፋል ናይ ህዝባዊ ዕዮ አውራጃዊት ርእሲ ከተማ ድረስደን እዩ። ንምርጫዊ ረክላም ክትጥቀመሉ ክልኩል እዩ። ንምንንቕቓሕ አባላተን ፓርትታት ክጥቀማሉ ግና ይኽእላ እየን።